
VALG

ምርጫ 2023 ንባይቶ ኮሙነን ባይቶ ዞባን

Tigrinja / ትግርኛ

# ኣገዳሲ ሓበሬታ ንመረጽቲ

ናይ ምርጫ መዓልቲ 11 መስከረም እዩ። ወረቐት መንነትካ ኣይትረስዕ።



valg.no

VALGdirektoratet

Informasjonsbrosjyre_2023_Tigrinja_Etiopia_Eritrea.indd 1 26.05.2023 09:03

# ምርጫ 2023 ንባይቶ ኮሙነን ባይቶ ዞባን

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ  ዓመት ኣብ ምምሕዳር ኮሙናትን ምምሕዳር ዞባታትን መን ዝውክለና ሰብ ንመርጽ ኢና።

ባይቶ ኮሙነ ብዛዕባ ከባብያዊ ጉዳያት ውሳነታት ይወስድ። ገለ ኻብቲ ዝምልከቶ ጉዳያት፡ መውዓል ሕጻናት፡ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን፡ ኣገልግሎት ድሕንነት ቈልዑ፡ ባህላዊ ጉዳያት ከምኡውን ጽገና እዩ።

ገለ ኻብቲ ባይቶ ዞባ ዝምልከቶ ጉዳያት ከኣ፡ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ብዞባ ዝመሓደር ጽርግያታትን ምስዚ ዝዛመድ መስመራት መርከብን፡ ከባብያዊ መጓዓዝያ ህዝብ ከምኡውን ባህላዊ ጉዳያት እዩ።

ኦስሎ ምርጫ ባይቶ ኮሙነን ባይቶ ክፍለ ከተማን ትገብር እያ፣ ምርጫ ባይቶ ዞባ ግን የብላን።

ኣብዛ ብሮሹር ብዛዕባ እቲ ምርጫታትን ብኸመይ ከም እተድምጽን ሓበሬታ ኽትረክብ ኢኻ።

**መዓልቲ ምርጫ ሰኑይ 11 መስከረም 2023 እዩ።**
ኣብ ብዙሓት ኮሙነታት፡ ሰንበት 10 መስከረም እውን ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ።
ካብ ኣብ ዝኾነ ከባቢ እዛ ሃገር ካብ 10 ነሓሰ ክሳብ 8 መስከረም ኣብ ዘሎ እዋን ኣቐዲምካ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። ወረቐት መንነትካ ኣይትረስዕ።

## ከተድምጽ ከለኻ ወረቐት መንነትካ ኣይትረስዕ

ንኽተድምጽ ክትመጽእ ከለኻ ወረቐት መንነትካ ኣይትረስዕ። እቲ ወረቐት መንነት፡ ስም፡ ዕለት ልደትን ስእልን ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። ፓስፖርት፡ ሃገራዊ ካርድ መለለዪ መንነት፡ ፍቓድ መዘወሪ ማኪና ወይ ስእሊ ዘለዎ ናይ ባንኪ ካርድ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ከም መናበዪ ኣረጋውያን፡ ሆስፒታል ወይ ቤት ማእሰርቲ እንተሊኻ፡ ሓደ ሰራሕተኛ መንነትካ ከረጋግጸልካ ይኽእል እዩ። እቲ ሰራሕተኛ እውን መለለዪ መንነት ክቕርብ ኣለዎ።



Informasjonsbrosjyre_2023_Tigrinja_Etiopia_Eritrea.indd 2 26.05.2023 09:03

## መን ክድምጽ ይኽእል፧

- ኣብ መወዳእታ 2023 ዕድሚኦም 18 ዓመት ዝመልኡ ዜጋታት ኖርወይ፡ ከምኡውን ኣብ ኖርወይ ከም ነበርቲ ተመዝጊቦም ዘለዉ፡ ወይ ዝተመዝገቡ ክድምጹ ይኽእሉ እዮም።

- ዜጋታት ዴንማርክ፡ ፊንላንድ፡ ኣይስላንድ ወይ ሽወደን ኣብ መወዳእታ 2023 ዕድሚኦም 18 ዓመት ዝመልኡ፡ እንተ ወሓደ ድማ ክሳብ 30 ሰነ 2023 ከም ነበርቲ ኖርወይ ኣብ መዝገብ ህዝቢ ተመዝጊቦም እንተ ኾይኖም ክድምጹ ይኽእሉ እዮም።

- ዜጋታት ኖርወይ ዘይኮኑ፡ ግን ከኣ ኣብ መወዳእታ 2023 ዕድሚኦም 18 ዓመት ዝመልኡን ከም ነበርቲ ኣብ መዝገብ ህዝቢ ዝተመዝገቡን ሰባት፡ ቅድሚ መዓልቲ ምርጫ ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ከም ነበርቲ ኖርወይ እተመዝገቡ እንተኾይኖም ክድምጹ ይኽእሉ እዮም።

## መዓስን ኣበይን ክተድምጽ ትኽእል፧

ካብ ዕለት 10 ነሓሰ ክሳዕ ዓርቢ 8 መስከረም ኣብ ዘሎ እዋናት ኣብ ዝኾነ ኮሙነ ኣቐዲምካ ክተድምጽ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ መዓልቲ ምርጫ፡ ኣብቲ ክሳዕ 30 ሰነ 2023 ኣብ ዘሎ እዋን ከም ነባሪ እተመዝገብካሉ ዞባ ክተድምጽ ኣሎካ። ኣብ ኮሙነኻ ግን ኣብ ዝደለኻዮ ናቝጣ ምርጫ ክተድምጽ ትኽእል ኢኻ።

ኣብቲ ኣቐዲምካ ክተድምጽ ወይ ኣብ መዓልቲ ምርጫ ክተድምጽ ዘይትኽእል እንተ ኼንካ እንታይ ክትገብር ትኽእል፧

ካብ 3 ሓምለ ጀሚሩ ብኣግኡ ምድማጽ ከጀምር ንኮሙነኻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ካብ 1 ሓምለ ክሳብ 3 መስከረም ኣብ ዘሎ እዋን እውን ካብ ወጻኢ ሃገር ኴንካ ክተድምጽ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ **valglokaler.no** እቲ ናይ ምርጫኻ ናቑጣ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ።



Informasjonsbrosjyre_2023_Tigrinja_Etiopia_Eritrea.indd 3 26.05.2023 09:03

## ናይ ምርጫ ካርድ

እቲ ናይ ምርጫ ካርድ ናይ ምድማጽ መሰል ከም ዘለካ ዘረጋግጽ እዩ። ብዘይካዚ፡ ኣበይን መዓስን ከተድምጽ ከም እትኽእል እውን ተጻሒፍዎ ኣሎ። እቲ ናይ ምርጫ ካርድ ከም መለለዪ መንነት ክትጥቀመሉ ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ንምድማጽ ድማ እቲ ናይ ምርጫ ካርድ ኣየድልየካን እዩ።

እቲ ናይ ምርጫ ካርድ ናብ ዲጂታላዊ ሳጹን ፖስታኻ ወይ ናብ ኣልቲን ይለኣኽ። መንግስታዊ ኣብያተ ጽሕፈት ብዲጂታላዊ መገዲ ምሳኻ ርክብ ከይገብሩ ከሊእካ እንተ ኼንካ ወይ ከኣ ኣብ ዝሓለፈ 18 ኣዋርሕ ነቲ ኢደ-ፖርተን ዝብሃል ዲጂታላዊ መለለዪ መንነት ዘይተጠቐምካሉ እንተ ኼንካ፡ እቲ ናይ ምርጫ ካርድ ብወረቐት ክለኣኸልካ እዩ።

እቲ ናይ ምርጫ ካርድኻ እንተ ዘይተቐቢልካ ወይ ከኣ ናይ ምድማጽ መሰል ዘሎካ እንተ ኾይኑ ርግጸኛ እንተ ዘይኴንካ፡ ምስ ኮሙነኻ ተዛራረብ።

## ብኸመይ ከም እተድምጽ

ካብ ከሙነኻ ወጻኢ ተድምጽ እንተሊኻ፡ ስም ናይተን እተመዝገባ ፖለቲካውያን ውድባት ዝሓዘ ወረቐት መድመጺ ክወሃበካ እዩ። ኣየናይ ውድብ ክትመርጽ ከም እትደሊ ኣብ ሳጹን ምልክት ክትገብር ኣለካ። እቲ ናይ መድመጺ ወረቐት ኣስማት ሕጹያት እተን ውድባት ዘይብሉ እዩ። ስለዚ ኣብዞም ናይ መድመጺ ወረቐት ለውጢ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ።

እቲ ክትመርጾ እትደሊ ውድብ ወይ ጉጅለ ኣብቲ ናይ መድመጺ ወረቐት እንተ ዘይተዘርዚሩ ስም ናይቲ ውድብ ወይ ጉጅለ ከተእቱ ትኽእል ኢኻ። ካብ ናይ ምርጫ ዞባኻ እውን ባዕልኻ ናይ መድመጺ ወረቐት ክትወስድ ትኽእል ኢኻ፣ ለውጢ ክትገብር እንተ ደሊኻ ድማ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ድሕሪኡ፡ እቲ ድምጺ ንኽቑጸር ናብቲ እትነብረሉ ኮሙነ ይለኣኽ። ኣብ ምርጫ ባይቶ ዞባ ካብ ዞባኻ ወጻኢ እንተድኣ ኣድሚጽካ እውን ከምኡ ኽግበር እዩ።

ሓሚምካ ወይ ስንኩል እንተ ኼንካ፡ ኣብ ገዛኻ ኮይንካ ኣቐዲምካ ምእንቲ ኽትመርጽ ምስ ኮሙነኻ ክትዛራረብ ትኽእል ኢኻ። እቲ ኮሙነ ብዛዕባ እቲ ናይ መመልከቲ ናይ መወዳእታ ግዜ ክሕብረካ እዩ።

በቲ እተገብረ ናይ ኮሙነታት ወይ ዞባታት ምትዕርራይ ኣብ እተጸልወ ኮሙነ ወይ ዞባ ተመዝጊብካ እንተ ኼንካ፡ ንባይቶ ኮሙነን ባይቶ ዞባን እቲ ሓደስቲ ኮሙነታትን ዞባታትን ኢኻ ከተድምጽ።

## ሓገዝ ብዛዕባ ከባብያዊ ናቑጣ ምርጫ


ከተድምጽ ከለኻ ሕቶታት እንተልዩካ ወይ ሓገዝ እንተ ኣድልዩካ ምስ ሓደ ኻብቶም ሰራሕተኛታት ምርጫ ተዘራረብ። ሰራሕተኛታት ምርጫ ምስጢር ናይ ምሕላው ግዴታ ኣለዎም።

ብሰንኪ ኣእምሮኣዊ ወይ ኣካላዊ ስንክልና በይንኻ ከተድምጽ ዘይትኽእል እንተ ኼንካ፡ ሓገዝ ክትረክብ መሰል ኣሎካ። ሓደ ካብ ሰራሕተኛታት ምርጫ ወይ ካልእ ባዕልኻ ዝመረጽካዮ ሰብ ከተድምጽ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።




Informasjonsbrosjyre_2023_Tigrinja_Etiopia_Eritrea.indd 4 26.05.2023 09:03


## ኣብ ኮሙነኻ ብኸመይ ከም እተድምጽ





**1)** ክትጥቀመሉ እትደሊ ናይ መድመሲ ወረቓቕቲ ውሰድ፦ ኣብ ክልቲኡ ምርጫታት ከተድምጽ እንተደሊኻ፡ ሓደ ንምርጫ ባይቶ ኮሙነ፡ ሓደ ድማ ንምርጫ ባይቶ ዞባ ውሰድ።





**2)** ንውልቀ ሰባት ከተድምጽ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ ጎኒ እቲ ኣብቲ ኣብ መድመጺ ወረቐት እተዘርዘሩ ሕጹያት ምርጫ ኣብ ዘሎ ሳጹን ነቲ እተድምጾሉ ሰብ ምልክት ግበር። ክንዲ ዝደለኻዮ ሕጹያት ምርጫ ከተድምጽ ትኽእል ኢኻ። (ኣብ ዝቕጽል ገጽ ዘሎ መምርሒ ርአ)።




**3)** ንመን ከም ዘድመጽካ ካልእ ሰብ ምእንቲ ኸይርእዮ፡ ንስም ውድባት ምርጫ ንውሽጢ ብምግባር ነቲ ናይ መድመጺ ወረቐት ዕጸፎ። እቲ ናይ መድመጺ ወረቐት ኣብ ፖስታ ወይ ካልእ መሸፈኒ ክኣቱ የብሉን።




**4)** ናብ ሓደ ሰራሕተኛ ምርጫ ብምኻድ ነቲ ናይ መድመጺ ወረቐትካ ማሕተም ከም ዝግበረሉ ግበር። እዚ ድማ እቲ ድምጺ ተቐባልነት ምእንቲ ኺህልዎ ኣገዳሲ እዩ።





**5)** ነቲ ናይ መድመጺ ወረቐት ኣብ ሳጹን ድምጺ ኣእትዎ።
ኣብ ኦስሎ ምርጫ ባይቶ ኮሙነን ባይቶ ክፍለ ከተማን ይግበር እዩ፣ ምርጫ ባይቶ ዞባ ግን ኣይግበርን። ኣብ ኮሙነ ኦስሎ ተመዝጊብካ እንተ ዄንካን ኣብ ምርጫ ባይቶ ክፍለ ከተማ ከተድምጽ እንተ ደሊኻን፡ ንባይቶ ኽፍለ ከተማ ዝኸውን መድመጺ ወረቐት ሒዝካ ኽትመጽእ ወይ ከኣ ንስም እቲ እተድምጾሉ ውድብ/ ጕጅለ ኣብ ወረቐት ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ። ናይ መድመጺ ወረቐት ዘይኰነ ጻዕዳ ወረቐት እንተ ተጠቒምካ፡ ነቲ ወረቐት ንባይቶ ክፍለ ከተማ ከተድምጽ ከም እተጠቐምካሉ እውን ክትጽሕፎ ኣሎካ።

## ናይ መድመጺ ወረቐት ምቕያር

ሕጹያት ምርጫ ንኽምረጹ ጽልዋ ኽትገብር እንተ ደሊኻ፡ ነቶም ሕጹያት ምርጫ በብውልቀ ሰብ ድምጽኻ ኽትህብ ትኽእል ኢኻ። ውልቃዊ ድምጺ ብምሃብ ነቲ ናይ መድመጺ ወረቐት ክትቅይሮ ትኽእል ኢኻ። ውልቃዊ ድምጺ ዝወሃበሉ ኣገባብ እውን ኣብቲ ናይ መደመጺ ወረቐት ትረኽቦ ኢኻ።

**ከመይ ጌርካ ውልቃዊ ድምጺ ከም እትህብ፦**





**ኣብ ምርጫ ባይቶ ኮሙነ፦**

**1)** ኣብ ጎድኒ ስም እቲ ድምጺ ክትህቦ እትደልዮ ሕጹይ ምርጫ ኣብ ዘሎ ሳጹን ምልክት ግበር። ክንዲ ዝደለኻዮ ውልቀ ሰባት ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።




**2)** ንስማት እቶም ካብ ካልኦት ውድባት/ጉጅለታት ዝኾኑ ሕጹያት ምርጫ፡ ኣብቲ ናይ መድመጺ ወረቐት ንበይኑ ፈሊኻ ጽሓፎ። ክንደይ ስማት ሕጹያት ክትዝርዝር ከም እትኽእል ኣብቲ ናይ መድመጺ ወረቐት ኣሎ። ካብ ካልእ ፓርቲ ንዝኾነ ሕጹይ ተወዳዳራይ ድምጺ እንተ ሂብካ፡ እቲ ዝርዝር ድምጺ ዝበሃል ናብቲ ካልእ ውድብ/ጉጅለ ከም ዝሰጋገር ኣስተብህል። እዚ ድማ ኣብ ምምሕዳር ኮሙነ ንዝግበር ምክፍፋል ስልጣን ክጸልዎ ይኽእል እዩ።




**ኣብ ምርጫ ባይቶ ዞባ፦**

ኣብ ጎድኒ ስም እቲ ድምጺ ክትህቦ እትደልዮ ሕጹይ ምርጫ ኣብ ዘሎ ሳጹን ምልክት ግበር። ክንዲ ዝደለኻዮ ውልቀ ሰባት ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።



Informasjonsbrosjyre_2023_Tigrinja_Etiopia_Eritrea.indd 6 26.05.2023 09:03

## መን እዩ ክምረጽ፧

ኩሉ እቲ ድምጺ ምስ ተቖጽረ፡ እቲ ናይ ምርጫ ቦርድ፡ እተን ዝተፈላለያ ውድባት ወይ ጉጅለታት ኣብ ባይቶ ኮሙነ ወይ ባይቶ ዞባ ክንደይ ወከልቲ ከም ዝረኸባ ይፈልጥ። ብድሕሪኡ እቲ ናይ ምርጫ ቦርድ፡ ኣየኖት ሕጹያት ተወዳደርቲ ከም እተመርጹ ንምፍላጥ ውልቃዊ ድምጺ ይቖጽር።



Informasjonsbrosjyre_2023_Tigrinja_Etiopia_Eritrea.indd 7 26.05.2023 09:03

ኣብ 2023 ብዳይሬክቶሬት ምርጫ ኖርወይ እተሓትመ።
እዚ ሕታም ብኒኖሽክ፡ ሳሚን ዓሰርተ ቋንቋታት ወጻኢን እውን ይርከብ።
ብዛዕባ እቲ ምርጫ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ valg.no ርአ።

**ነቲ QR ኮድ ስካን ብምግባር ነቲ ብሮሹር ብኻልእ ቛንቋታት ኣንብቦ።**



Informasjonsbrosjyre_2023_Tigrinja_Etiopia_Eritrea.indd 8 26.05.2023 09:03